

# ም ክ ል ኻ ል ካ ብ
# ም ስ ጓ ግ

## ሓ በ ሬ ታ ን ሓ ገ ዝ ን

BERLIN & BRANDENBURG

ካብ ምስጓግ ትፈርሕ/ሒ'ዶ ?

ከምትስጎግ ሰሚዕካ/ኪ`ዶ?

ካብ ምስጓግ ንምክልኻል ዝተፈላለዩ
መ ን ገ ድ ታ ት አ ለ ው እ ዮ ም።
ኣብዚ ዝስዕብ ጽሑፍ ትረኽቦምኢኻ/ኺ።

# መንገድታት ንምክልኻል ምስጓግ

## ብከመይ ምስጓግ ኣብ በርሊንን ብራንደንበርግ ይካየድ?

ብቀዳማይነት ብቕጽበታዊ ከምትስጎግ ዝሕብር ብንጹር ዝፈለጥየለን። ነገርግን ንስኻ/ኺ ብሓፈሻ ከምትስጎግ/ጊን ከምዘይትስጎ/ጊ ክትፈልጥ/ጢ ኣለካ/ኪ። ኩልሻዕ ንጠበቓኻ/ኺ ወይክዓ ናይ ሕጊ መማኸሪ ንሓገዝ ምሕታት ኣገዳሲ እዩ።

መብዛሕቲኡ ምስጉግ ዝካየድ ኣብ ለይቲ ኮይኑ ኣብ መንጎ ሰዓት 02:00 – 08:00 እዩ። ናይቲ ዝተሟደበ ምትጓግ ሜልትን ሰዓትን ኣይትሕበርን ኢኻ/ኺ። ፖሊስ ናብ ገዛኻ/ኺ ክሙጽእ ይኽእል እዩ ወይካዓ ኣብ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ (Ausländerbehörde) ካኣስረካ/ኪ ይኽእል እዩ። ማብዘሕቲኡ ግዜ ምትጓግ ዝካየድ ብነፋሪት እዩ። ማብዘሕቲኡ ግዜ ስደራቤት ብሓንሳብ ጥራይ እዮምዝሰጉ። እቲ ናይ ፈለማፈተነ ምትጓግ እንድሕር ደኣ ዘይተሳኽዐ፣ ስድራኻ/ኺ ፈላልዮም ክሰግዎም ይኽእሉ እዮም። ብዘይተለሚደ ኣብ ናይ ማስጎጊ ቤት ማእሰርቲ ከእትውኻ/ኺ ይኽሉ እዮም። ኣብዚ እዋን እዚ በርሊን ናይ ማስጎጊ ቤት ማእሰርቲ የብላን። ብዘኽነ ኣብዚ ታሕቲ ጽሑፍ ሰባት ከሜይ ጌሮምምትጓግ ከምዝተኻላኸሉ ዝሕብር ጽሑፍ እዩ።

## ምክልኻል ምስጓግ ኣብ ገዛ

● ሰባት እንድሕር ደኣ ኣብ ቀረባ እዋን ከምዝስጎጉ ፈሊጦ ኣብ እንዳ ኣዕርኽቶምገዛ ይድቅሱ። እንድሕር ደኣ ኣብ ካምፕ ዝነብሩ ኮይኖምሞደቀሲኦምክፍሊ ምስ ኣዕርኽትምይቀያየሩ።

> ኣቓልቦ: ዋላ'ካ ፖሊስ ብሕጊ ናትካ ቦታ ጥራይ ንክፍትሽ እንተተፈቀደሉ፣ ሓደሓደ ሻዕ ብምሉኡ ካምፕ ክፍትሹ ይኽእሉ እዮም።

● ሰባት ናይ ለይቲ ሜደብ ብምድላውሓደ ሰብ ከምዘይ ድቅስ ብምግባር ምእንቲ ኣብ እዋን ፖሊስ ዝመጹሉ ንክሕብሮም።

> ኣቓልቦ: ሓደሓደ ሻዕ ንቶም ምትጓግ ዝከላኸ ክጓነጹን ክኣስሩን ይኽእሉ እዮም።

● ኣብ ክራይ ገዛ ዝነብሩ ሰባት ፖሊስ ኣብ ዘንኳሕ ክሖሉ እዋን ሜልሲ ኣይህቡን እዮም። ናይ ወረቀት ስልጣን(ፍቃድ) ትሓቶምትኽእል ኢኻ።

> ኣቓልቦ: ሓደሓደ ሻዕ ፖሊስ ሜዓጾ ሴሩ ንክኣትውክፍትን ይኽእል እዩ።

● ናይ ኣምሮ ወይከዓ ኣካላት ሜዓዳእቲ ናይ ሕክምና ወረቀት እንድሕር ደኣ ሃሊካ ኮይኑ ንፖሊስ ክተርእዮምትኽእል ኢኻ/ኺ።

● ሓደ ሓደ ሰባት ፓስፖርቶምኣጥፊኦምንሓድሽ ንምውጻእ ኣየሜልኩትን እዮም። ሓደ ሓደ ዓድታት ንዜገኣን በዘይ ፓስፖርት ናብ ዓዶምንክምለሱ ፍቃድ ኣይህባን እየን። ንሕጊ መማኸርቲ ሕተት።

## ምክልኻል ምስጓግ ብሰንኪ ዓሸራ

● ምስጓግ ብሰንኪ ዓሸራ ማለት ካሊእ ናይ ኣውሮፓ ሃገር ናትካ ዓሸራ ወሲዳ ኣላ ማለት እዩ። ጀርመን ሃገር 6 ኣዋርሕ ኣለዋ ንክትሰጎካ ናብታ ዓሸራ ዘሃብከላ ሃገር። እንድሕር ደኣ ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ ዘይሰጎግትካ/ኪ፣ ጀርመን ናትካ/ኪ ጉዳይ ንክትርኢ ሓላፍነት ኣለዋ።

● እንድሕር ደኣ ፖሊስ ሜጺኡ ንቲ ዝደለዮ ሰብ ዘይረኸቦ ኮይኑ እቲ ግዜ ናብ18 ኣዋርሕ የናውሕዎ፣ እዚ ማለት እንድሕር ደኣ ካብ ምትጓግ ተሓቢእኻ/ኺ 18 ኣዋርሕ ኣለዎምንክሰግኹ። ብዙሓት ሰባት ኣብዚ እዋን እዚ ይሕብኡ እሞ ድሕሪኡ ዕቁባ ምሕታት ይጅምሩ።

● ሓደሓደ ሰባት ኣብ ቤተ ክርስትያን ይሕብኡ እዮም። እዚ ናይ ቤተ ክርስትያን ዕቁባ 'Church asylum' ተባሂሉ ይጽዋዕ።

> ኣቓልቦ: ሓደሓደ ሻዕ ናይ ወጻኢ ቤት ጽሕፈት (Ausländerbehörde) ወረቀት ይህቡ እዮም ኩልሻዕ ለይቲ ኣብ ገዛኻ ጽናሕ ዝብል። መብዛሕቲኡ ግዜ ኣብዚ ዝመጽእ መዓልታት ወይከዓ ሰሙን ንምስጓግ ይመጽኡ እዮም። ሓደሓደ ሰባት ንምዝዋር ወጺኦ፣ ናብ ባር ወዘተ ዝብል ማዝኻኸሪ ወረቀት ኣብ ማዕጾኦም ጠቂዖምይወጽኡ እዮም።

> ኣቓልቦ:ምስ ናይ ሕጊ መማኸርቲ ሰባት ዓሸራኻ/ኺ ኣብ ዝወድቀሉ ግዜ ተራኸብ።

## ምክልኻል ምስጓግ ኣብ ናይ ንግዲ ነፈርቲ

- ኣብ ግዜ ግዕዞ ናብ መዕረፊ ነፈርቲ ምስ ጠበቓ ንምርኻብ ማዕል ኣለ/ኪ። ቴሌፎን ንክትድውል ሕተት።
- ሰባት ሓንሳብ ኣብታ ነፋሪት ምስተሰቀሉ ዓውብዘበለ ደምጺ ብምእዋይ ተከላኺሎም ከምኡ እውን ካብ ኮፍ ምባል ወይከዓ ኣብ ምድሪ ምግዳም ብምእባይ። ንቶም ተሳፈርቲ ነፋሪት ብዘይ ድሌቶም ከምዝስጎጉ ከምዘለው ብምሕባርን ንቶም ተጓዕዝቲ ንሓገዝ ንምክልኻል ምስጓግ ብምሕታትን። ኣብታ ነፋሪት ዋላ ሓደ ተጓዓዛይ እንድሕር ድኣ ኮፍ ዘይበለ ኮይኑ፣ እታ ነፋሪት ኣይትብገስን እያ።
- ሓደሓደ ሻዕ ሰባት ነቲ ነፋሪት መራሒ ንምዝራብ ሓቲቶም እዮም። ኩሎም መራሕቲ ነፋሪት እታ ነፋሪት ካብ ምግባስ ክኣብዩ ይኽእሉ እዮም። እንደሕር ደኣ ብርግጽ ሓደ ሰብ ብዘይ ድሌቱ ከምዝስጎግ ፈሊጦም ኣይበጽሑሉን እዩ።

| ኣቃልቦ: ሓደ ሓደ ሻዕ ፖሊስ ንቶም ኮፍ ምባል ንዝኣበዩ ተጓዓዝቲ ክጓነጹ ይኽእሉ እዮም። |
|---|

- እንድሕር ደኣ ሓሚምካ እንተኮይንካ እቲ ምስጓግ ክቋረጽ ይኽእል እዩ።

| ኣቃልቦ: ሓደሓደ ሻዕ ፖሊስ ናይ መደቀሲ ክኒን ንክትወስድ/ዲ ከገድደካ/ኪ ይፍቱኑ እዮም። ንምክልኻል ካብ ዝኾን መድሓኒት ንምውሳድ ኩልሻዕ መሰል ኣለካ/ኪ። |
|---|

## ምክልኻል ምስጓግ ኣብ ቤተ ጽሕፈት ወጻኢ (Ausländerbehörde)

- መብዛሕቲ ምስጓግ ዝካየድ ቅድሚ ቀትሪ እዩ። ስለዚ ሰባት ናብ ቤተ ጽሕፈት ወጻኢ ዝከዱ ድሕሪ ቀትሪ እዩ።
- ሓደሓደ ሻዕ ሰባት ኣብቲ ቆጸሮኦም መዓልቲ ኣይከይዱን፣ ኣብ ክንዲ ኣብቲ ዝቅጽል መዓልቲ ወይከዓ ቅድሚሓደ መዓልቲ ምስ ናይ ሕክምና ወረቀት ይከዱ እዮም።
- ሓደሓደ ሻዕ ሰባት ምስ ኣዕርኽቶም ናብ ቤተ ጽሕፈት ወጻኢ ብምኻድ ምእንታን ካብ ምስጓግ ንክሕግዝዎም ብሓንሳብ ኣብቲ ቤት ጽሕፈት ብምኻንን ፖሊስ ንከይመጽእ ብምክትታልን።

| ኣቃልቦ: ሓንሳብ ኣብቲ ህንጻ ምህላውኻ ምስ ፈለጡ፣ ጋንታ ፖሊስ ኣብቲ ህንጻ ንዓኻ/ኺ ክፍትሹ ይኽእሉ እዮም። ድሕሪ ወርቀት ምሃብ ሓደሓደ ሻዕ ሰባት እቲ ህንጻ ገዲፎ ብምውጻእን ኣዕርኽቶም ንቲ ሓዱሽ ወረቀት ንክቅበለሉ ብምግባርን። |
|---|

## ናይ ነዊሕ እዋን ምክልኻል ካብ ምስጓግ

ኣብ ጀርመን ንምጽናሕ መሰል ንምርካብ ዝተፈላለዩ መገድታት ኣለው።

- ናይ ሕክምና ምኽንያታት: እቲ ሰብ ብሰንኪ ናይ ኣካላት ወይከዓ ናይ ኣእምሮ ጸገም ናይ ሕክምና ወረቀት ዘብራርህ ነቲ ምስጓግ ከናውሖ ወይከዓ ጠጠው ከብሎ ይኽእል እዩ።

| ኣቃልቦ: ከምዚ ዓይነት ናይ ሕክምና ወረቀት ብጦዕሚንዱር ክኸውን ኣለዎ። እቲ ናይ ሕክምናኻ/ኺ ወረቀት ብቄዕ ምዃኑ ንከረጋግጹልካ ንጠበቓኻ/ኺ ወይከዓ ናሕጊ መማኸርቲ ኣዛርቦም። |
|---|

- ናይ ሞያ ትምህርቲ (Ausbildung): እንድሕር ደኣ ጽቡቅ ጀርመን ትዛረብ ኮይንካ (B1 ወይከዓ ዝበለጸ) ካብ 1-4 ዓመት ዝወስድ ትምህርቲ ምምሃር ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ፣ ናይ ሞያ ትምህርቲ (Ausbildung) ተባሂሉ ይጽዋዕ። መብዛሕቲኦም እቲ ናይ ሞያ ትምህርቲ ዝምሃሩ ሰባት ንክስጎጉ ኣይፍቀደሎምን ("Ausbildungsduldung")። ትምህርቲ ምስ ወዳእካ/ኪ ኣብ ጀርመን ንምጽናሕ ፍቃድ ትረክብ ኢኻ/ኺ።

| ኣቃልቦ: እዚ ምርጫ ክብድ ዝበለ እዩ። እንድሕር ደኣ ናይ ሞያ ትምህርቲ ከምመርጫ ተወሲድካ/ኪዮ ንጠበቓኻ/ኺ ወይከዓ ንሕጊ መማኸርቲ ኣዛርቦም። |
|---|

- መርዓ : እንድሕር ደኣ ምስ ናይ ጀርመን ወይከዓ ናይ ኣውሮፓ ሕብረት ፓስፖርት ዘለዎ ሰብ መርዓ እንተጌርካ (ሓደሓደ ግዜ እውን ቀዋሚ ናይ መንበሪ ወረቀት እውን እኹል እዩ)፣ ኣብ ጀርመን ንምጽናሕ ፍቓድ ይሃውካ/ኪ እዩ።

| ኣቃልቦ:ንመርዓ ዘድልዩ ኣገዳሲ ሓብሬታት ንክተማልእ፣ ቅድሚ እቲ ከይዱ ንጠበቓኻ/ኺ ወይከዓ ንሕጊ መማኸርቲ ኣማኽር። |
|---|

- Härtefallkommision: እንድሕር ደኣ ልዑል ዝኾነ ሰብኣዊ ምኽንያት ሃሊኳን ዘይተለመደ ናይ ምጽባር ጸዕሪ እንድሕር ደኣ ኣሪእኻ/ኺ (ንኣብነት ጽቡቕ ጀርመን ምዝራብ፣ ስራሕ ምሓዝ) እቲ ኮሚቴ ፍልይ ዝበለ ጉዳያት ኣብ ግምት የእትዊ እዮም። ኣብዘይተለመደ ናይ መንበሪ ፍቃድ ይበሃውኡ እዩ።

| ኣቃልቦ: እንድሕር ደኣ (Härtefallberatung) ከም ምርጫ ተወሲድካዮ ንጠበቓኻ/ኺ ወይከዓ ንሕጊ መማኸርቲ ኣማኽሮም። |
|---|

እንድሕር ደኣ ብርግጽ ናይ ሕጂ ምትዓግ ሓደጋ ዘይትፈልጦ/ጢ እ ን ተ ኮ ይ ን ካ /ኪ?
ንጠበቓኻ/ኺ ወይ ከ ዓ ን ና ይ ሕጊ መማኸሪ ኣ ማኽ ር /ሪ።

እዚ ሓብሬት ንምብቃን ኣብኢ እትነ ብረሉ ካምፕ ወይከዓ ንኣዕሩትኻ ነጻ ኮይንካ/ኪ ዓ ድሎም



## ጸረ ምትዓግ ሓደሽቲ ሓብሬታታት ርኸብ/ቢ

እቲ ናይ ቀረብ እዋን ሓብሬታታት ንክትረኽቡ ብ ፈስቡክጭቴሌግራምተከታትሉና። እንድሕር ደኣ እቲ ዕለት ናታ ትሕዝቲ ናይ ማትጉጊት ነ ፋሪት ፈሊጥና ክይንና ክንዝርግሖ ኢና። ከምኡ እዉዓ ናይ ጸር ምትዓግ ፍጻ ሜታትን ተቋምዋ ሰልፍን ኣ ብ በርሊን/ ብራ ን ደ ን በ ር ግ ሞጸ ዋ ዕ ታ ክ ህ ሊ እ ዩ ።

DEPORTATION ALARM

## ተራኸቡና

እንድሕር ደኣ ንስኻ/ኺ ወ ይ ከ ዓ ት ፈ ል ጥ ዎ ሰ ብ ብ ሰ ን ኪ ም ስ ጉ ጋ ስ ግ ኣ ት ዘለዎን ንምትዓግ ክትቃለሱ ትሕጉዙ ተደሊኽምዓ፣ ብዋትስፕ ትጽሕፉልና ትኽእሉ ኢኹም። ብዝደለይኹም ቋንቋታት ክትራኸቡና ትኽእ ሉ ኢኹም፡

ዋትሳፕ(መል እ ኽ ቲ ጽ ሑ ፍ ጥ ራ ይ )
ብቲ ዝትደልይዎ ቋ ን ቋ ።

+49 13121312161